## ዝኸበርኩም ጉባኤተኛታት! ዝኸበርኩም ዕዱማት ኣጋይሽ!!

ኣቐዲመ ብሽመይን ብሽም ጊዚያዊ ኣመራርሓ ዓረናን እንኳዕ ናብ መሰራቲ ጉበኤና ብደሓን መፃእኹም ክብል ፍቐዱለይ!!

ዓረና ካብ ዝምሰረት ገና መንፈቕ እኳ ኣየቁፀረን ዘሎ። ኣብዚ ሓፂር ዕድምኡ ብዙሕ ነገር ፈፂመ ኣለኹ ኢሉ ክዛረብ ኣይኽእልን እዩ። ሓደ ብኩርዓት ክዛረቦ ዝኽእል ጉዳይ እንተሃለወ ግን ድሕሪ ነዊሕን ከቢድን ፃዕሩ ንህዝቢ ትግራይን ንህዝቢ ኢትዮጵያን ሓደ ፖቲካዊ መማረፂ ኮይኑ ንምቕራብ ምኽኣሉ እዩ ። ሃገርና ስርዓት ዴሞክራሲ ብናይማን ክተሃንፅ እንተድኣ ኮይና ህዝቢ ዝተፈላለዩ መማረፅታት ቀሪቦሙሉ ክውስን ክኽእል ኣለዎ ። ዝተፈላለዩ መማረፅታት ክሽራሽሩ ዘይከእልሉ ስርዓት ፈፂሙ ዴሞክራሲያዊ ክኸውን ኣይኽእልን እዩ፣ ክኾን ዝኽእል ምልካዊ ስርዓት ጥራሕ እዩ ። ኣብ ኣህጉርና ዘለዉ ብፍፁም መላኸነቶም ዝፈለጡ ስርዓታት መለኸቲ እዮም ዝንብሎም ብዝዓባ ዴሞክራሲ ሰለዘይዛረቡን ስለዘይመፃብዑን ኣይኮንን ። መለኽቲ ብዝዓባ ምንጋስ ዴሞክራሲ ብዙሕ ይዛረቡን ይመፃብዑን እዮም ። ክንድዝኮነ እንተተዛረቡ ግን ግዝኣቶም ብሓደ ርቲ እስካብ ዝተቖረነን ሓቀኛ ሕበረ ርቲያዊ ስርዓት እስካብ ዘይተኸሉን ምልካዊ ስርዓት እምበር ስርዓት ዴሞክራሲ ይመረሑ ኣለዉ ክበሃሉ ኣይክእሉን ።

መማረፂ ሓሳባት ክቕርቡ ዝኽእሉ ድልዱላት ለቲካዊ ርቲታት ዘይብሉ ሕብረ ጠ ርቲያዊ ስርዓትን ዴሞክራሲን ፈፂሙ ክሕሰብ ስለዘይኽእል ክልልና ትግራይ ትኹን ሃገረና ኢትዮጵያ ሓቀኛ ስርዓት ክትተክል እንተተደልዩ መማረፂ ሓሳባት ከቅርቡ ዝኽእሉ ፖለቲካዊ ርቲታት ክዕምብቡ ይግባ። ንሕና መስረቲ ዓረና ትግራይ ነዚ ሓዱሽዕ ርቲ እንትምስርት ምስረታ ርቲ ከም ፋሽን ስልዝወሰደናዮ ኣይኮነን ። ክልልና ትኹን ሃገርና ሓዱሽ ርቲ እንትረክብ ፖለቲካዊን ዴሞክራሲያዊን መስርሕ ዘጎልብት ተወሳኺ ዘመናዊ ትካል ፖለቲካ ክትውንን ከምዘኽእላ ብምእማን እዩ ።ንዘመናት ኣብ ተሕቲ ምልካዊ ግዝኣቲ ዝፀንሐት ሃገርና ነዚ ሓዱሽን ዘመናዊን ትካል እንተረክብ ከም ኣገዳሲ ፀጋ ክትሪኦ ይግባእውን ንብል ።

ብወገና ነዚ ሓዱሽ ርቲ ክንምስረት ዝተበገስና ካብዚ ዝተጠቀሰ መሰረተ ሓሳብ ብምብጋስ እዩ ። መበገሲና እዚ እንተኮነኳ ነዚ ኣገዳሲ ፍፃመ ትወሳኺ ሃብቲ ገይርካ ክክንዲ ምረኣይ ከም ምምዕኢ ፀገም ገይሮም ዘቕርብዎ ወገናት ኣይተስኣኑን ። ብፍላይ ኣብ ትግራይ ዝተፈላለያ ረቲታት እንተሃልየን ህዝቢ ክመቓቐል እዩ፣ ህዝቢ ክጻኸም እዩ፣ዝብል መሰረት ዝይብሉ መፈራርሒ ዘረባ ክዝርግሑ ይርከቡ ። ብወገና ቅድሚ ኩሉ ህዝቢ ትገራይ ካብ ካልኦት ከባቢታት ኢትዮጵያ ዝተሓተ ንቕሓት ኣለዎ ኢልና ኣይንኣምንን ። ኣብ ካልኦት ክልላት ሃገርና ዝተፈላለያ ረቲታት ዘለዋ እንትኮና ህዝቢ ክመቓቐልን ክከፋፈልን ኣይተርኣየን ። የግዳስ ህዝቢ ኣብ ንሕንሕ ዝተመስረተ መማረፂ ሓሳብ እናቐረበሉ ንክውስን ጭላንጭል ዝኸፍት ኮይኑ ይርከብ ። ህዝቢ ትግራይ ዝተፈላለዩ መማረፂ ሓሳባት እንተሰሚዑ ክከፋፈል እዩ፣ ክጻኸም እዩ፣ ዝብል ኣተሓሳስባ ንህዝቢ ትግራይ ኣናኢሱን ኣታሒቱን ዝምዝን ኣብ ልዕሊ ምኻኑ ፍፁም ፀረዴሞክራሲ ኣተሓሳስባውን እዩ ኢልና ንኣምን ። ብወገና ዕላምኡ ዝፈልጥን ካብ ህረፍ ስልጣን ንላዕሊ ኣማዕዲዉ ዝርኢን ርቲ ንምጥንኻር ሓድነት ህዝቢ እምበር ንምክፍፋል ህዝቢ ክምዘይሰርሕ ንኣምን ኢና ። ውድብና ዓረናውን ንምድልዳል ሓድነት

ህዝቢ ትግራይን ዴሞክራሲያዊ ሓድነት ህዝቢ ኢትዮጵያን ዝሰርሕ እምበር ንምክፍፋሉ ዝዓለመ ከምዘይኮነ በዚ ኣጋጣሚ ክንገልፅ ነፎቱ !

ዓረና ኣብ ሃገርና ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንክትከል፣ ዴሞክራሲያዊን ሰብኣዊን መሰላት ንክኸበሩ፣ መሰል ብሄር ብሄረ ሰባት ንክኽበር፣ ሉኣላዊነትን ጥቕምን ሃገርና ንክሕሎ፣ ህዝቢ ክርበሐሉ ዝኽእል ፍትሓዊ ኢኮኖሚያዊ ስርዓት ንክስረት፣ወዘተ መማረፂ ሒዙ ዝቐረበ ርቲ እዩ ። ዓረና ንማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ፀገማትና ጠንቂ ዝኾነ ሕዚ ዘሎ ድኹም ሕርሻና ብዘበናዊ ሕርሻ ንክትካእን መሰረታዊ ትካላዊ ለውጢ ንከምፅእን ከምኡውን ምዕቡልን ድልዱልን ኢንዱስትሪ ንክህልወና መሰረት ንክንፀፍን ዝገብር መማረፂ ሒዙ ዝቐረበ ርቲ እዩ ። ካብዞም ዕላማታቱ በተወሳኺ ሎሚ ኣብ ሃገርና ጎሊሆም ዝረኣዩ ዘለዉ ናህሪ ዋጋ፣ ምጥፍፋእ ሃብቲ ሃገር፣ ሙሉእ መፍትሒ ዘይተመዓራረየሉ ምፍንቓል ሓረስታይ፣ ብልሹው ምምሕዳር፣፣ ክውገድሉ ዝኽእሉ ቃልሲ ምግባር ኣደላዪ ኢዩ ኢሉ ዝኣምን ርቲ እዩ ። ጉባኤና ነዚኦምን ካልኦት ዕላማታቱን ብዝግባእ ሪኡ ከምዘጠናኽሮም እምነተይ እዩ ።

ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ዕላማታትና ዓላማታትና ብዘተኣማምንን በዘላቕነትን ተግባራዊ ዝኾኑ ብሃገር ደረጃ ዘሎ ዓቕሚ ተዋዲዱ ኣብ ምፍታሕ ፀገምና እንትውዕል እዩ ኢልና ንኣምን ኢና ። ሃገራዊ ዓቕምና ተጠሚሩ ፀገምና ዝፈትሕ ግና ኣብ ሓባራዊ ጉዳያት ሓፈሻዊ ሃገራዊ ሰምምዕ እንትህሉን ሲፊሕ ዴሞክራሲያዊ ሃዋህው ሃልዩ መማረፂ ሓሳባት ዝሓዙ ድልዱላት ሃገራዊ ፖለቲካዊ ርቲታት እንትፍጠሩን ምኻኑ እምነትና እዩ ።ብፍላይ ሓሳባት ብነፃ ዝዛወርሉ ሰፊሕ ዴሞክራሲያዊ ሃዋህው ክህሉ ምግባር ውዓል ሕደር ዘይበሃል ጠለብ ዜጋታት እዩ ። ዓረና ዋላ ኣብ ትሕቲ ፀቢብ ዴሞክራሲያዊ ሃዋህው ብሃገር ደረጃ ሓደ ድልዱል መማረፂ ንክፍጠር ፃዕሪ ከካይድ እዩ ። ብምኻኑውን ጉባኤና ነዚ ጉዳይ ፍሉይ ቆላሕታ ገይሩ ክዝትየሉ ኣድላዪ እዩ ።

ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ዕላማታትና ተግባራዊ ንምግባር ኣብንቀሳቐሰሉ እዋን ከበድትቲ ተፃብኦታት ክገጥሙና ከምዝኽእሉ ገና ከይሰደርና ዘጋጥሙና ዘለዉ ዕንቅፋታት ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ ። ዘጋጥሙና ዕንቅፋታት ፖለቲካዊ ዕላማታትና መሰረት ዝገበሩ ምኾኑ ነይሮም ፀገም ኣይምነበሮን ። እቶም ዕንቅፋታት ኣብ ልዕሊ ኣባላትና ስነኣእምሯዊ ፀቕጢ ንምፍጣር ዝግበሩ መፀለምታታትን ፀርፍታትን ምኻኖም ዘተሓሳስቡ ኮይኖም ይርከቡ ። ዓረና ዕላማ ቅንጅትን ዕላማ ሻዕብያን ዝሓዘ ውድብ እዩ፤ ዓረና ልምዓትናን ሰላምናን ክዘርግ ዝመፀ ውድብ እዩ□ ዓረና ዓሌታዊ ውድብ እዩ፤ ወዘተ. ብምባል ኣንፃርና ሰፊሕ ወፍሪ ይካይድ ኣሎ ። እዚኦም ኩሎም ንዓና ስለዘይምልከቱ ዘሕሰቡና ኣይኮኑን ። ዘሕስበና ነገር እንተሃለወ እቲ ህዝቢ ክመሃረሉ እዩ ኢልና ዝተፀበናዩ መማረፂ ፖሊሲታት ናይ ምቕራብ ቃልሲ ናብ ፀርፍን መፀለምታን ወሪዱ ምርካቡ እዩ ። ከምዚ ዝበለ ቃልሲ ኣብ ዘለካ ናይ ሓሳብ ልዕልነትን ፀብለልታን መሰረት ዝገበረ እንተይኮነሰ የመና ናይ ዝወረደ ኣግባብ ምኻኑ ይሕሰበና እዩ ። ናይዚ መወዳእታ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእልውን ምግማቱ ኣፀጋሚ እዩ ። ብወገና በቲ ንሶም ዝኸደዎ ዘለዉ መገዲ ፈፂምና ኣይንከይድን ። ዓረና ውፅኢት ፖለቲካዊ ባህጊ ህዝቢ እምበር ውፅኢት ዝኮነ ውዲት ከምዘይኮነ ንኣምን ኢና ስለ ዝኮነ ከዓ ነቲ ፖለቲካዊ ባህጉ ካብ ምምላእ ዝተፈለየ ዕላማን ኣካይዳን ክህልወና ኣይግባእን ።

ዝኸበረኩም ጉባአተኛታት!

ና ዝገጥሞ ፈተና እቲ ብቀጥታ ዝበፅሖ ዘሎ በሰፊሕ ወፍሪ ዝፍፀም ስነ ኣእምሯዊ ፀቕጢ ጥራሕ ኣይኮንን ።

ሓይልና ከይንወፅእ ዝገብሩ ሕግታትን ምምርሕታትንውን ኣለዉ እዮም ። ብፍላይ ፋይናንሳዊ ፍልፍል ብዝምለከት ወፂኡ ዘሎ ረቂቕ ሕጊ ዘፈናፍን ኣይኮነን ። ብፍላይ ዓቅሚ ንዘይኣጥረያ ኣናእሽቲ ርቲታት ዘየፈናፍን እዩ ። እዚ ፀገም ካብቲ ናይ ሃገርና ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ፀገም ተፈልዩ ሰለዘይረኣይ ግና ጊዜና፣ ንብረትናን ፍልጠትናን በምውህሃድ ክንሰገሮ ክንፅዕር ይግባእ ።

ዓረና ዕለማታቱ ሰላማዊን ሕጋዊን ብዝኮን ኣግባብ ኣብ ክልልናን ሃገርናን ንምትግባር ከምዝተበገሰ ብግልፂ ኣቅሚጥዎ እዩ ። ኮይኑ ግና እዚ ግምቱ በቶም ዝበፅሕዎ ዘለዉ ከበድቲ ፀገማት እናተኣጓጓለ ይርከብ ። እዚ ኮይኑ እናሃለወውን ኣብ ሰላማዊ ቃልሲ ዝኸፈል ዋጋ ገይሩ ብምውሳድ ብፅንዓት ክቃለሶም ክፍትን እዩ ። ዝበፅሑና ዘሎ ስነኣእምሯዊ መጥቃዕትን ፅቕጥን ንደሓር ከየበለና ድልየትን ባህግን ህዝቢ ክነማልእ ክንምርሽ ይግባእ ። ኣብመወዳእታ ዓወት በሓሳብ ልዕልነት እምበር ብካሊእ ኣግባብ ክረጋገፅ ስለዘይኽእል ንሓሳብ ልዕልነት ክንረባረብ ኣለና ።

የቐንየለይ!

ገብሩ ኣስራት